ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ
ዞባዊ ቤት ጽሕፈት ሰሜን ኣሜሪካ

المجلس الوطني الإريتري للتغيير الديمقراطي
المكتب الإقليمي لأمريكا الشمالية

Eritrean National Council for Democratic Change

Regional Office of North America

# ክነ ኣድ ዝግበኦ ኣብነ ታዊ ናይ ፓስቶራት ናይ ሕልና መርገጽን ውሳኔን

ኣብዚ ሰሙን'ዚ ብርክት ዝበሉ ኣብ ገማግም ምዕራብ ሰሜን ኣሜሪካ ዝርከቡ መራሕቲ ሃይማኖት ክርስትና፣ ብመጽሓፍ ቅዱስ ውክሳ ዝበጽሕዎ ውሳኔ፣ ነቲ ኣብ ሃገርና ዝኸይድ ዘሎን ቅዋም ኣልቦ ስርዓትን፣ ምስ መንግስቲ ኢትዮጵያ ዝካየድ ዘሎ ልዑላውነት ኤርትራ ዝጥሕስ ውሳኔታት ብትሪ ኮኒኖም። እዚ ኣቓልቦ ህዝቢ ዝሰሓበ ውሳኔ'ዚ ዞባዊ መሪሕነት ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንደሞክራስያዊ ለውጢ (ኤሃባደለ) ሓላፍነታውን ታሪኻውን ውሳኔ ጌሩ ከም ዝርእዮን ከም ዘመሰን ክንገልጽ ንፈቱ። እዞም መራሕቲ ሃይማኖት ዝኾኑ ፓስቶራት እዚኣቶም ሓሳባቶም ብምዝርዛር፡

1. ኤርትራ ልዑላዊት ሃገር ምዃናን ነዚ ክውንነት'ዚ ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ዘእቱ ምንቅስቓሳትን፡ መደረታትን ውሳኔታትን ከኣ ብትሪ ኮኒኖም።
2. ንመንግስታት ኤርትራን ኢትዮጵያን ይኹን ካልኦት ጎረባብቲ ሃገራት፣ ንልዑላውነትናን ነጻነትናን ዝሓለወ ኣብ ሓድሕድ ምክብባር ዝተመኮሰ ጥራይ ክኸውን ከምዝግብኦ ምሕጽንትኦም ኣቕሪቦም።
3. ቅዋምክትግበር፣ ግዝኣተ ሕጊ ክነግስ፡ እሱራት ክፍትሑ ሰብኣዊ መሰላትን መሰል ሃይማኖታዊ እምነታትን ክኽበር፣ ዶባትና ከኣ ክሕንጸጽ ኣትሪሮም ተማሕጺኖም።
4. ኣስዒቦም ህዝቢ በብእምነቱ ብፍቕርን ሰላምን ተቐራሪቡ ንመሰሉ ደውክብል ጸዊዖም።

ቅድሚሕጂ ብርክት ዝበሉ ዝተፈላለዩ ናይ ክርስትናን እስልምናን መራሕቲ ኣብ መንግስትን ህዝብን ኤርትራ ዘተኮረ ናይ ምሕጽንታታት መልእኽቲ ከመሓላልፉ ዝጸንሑኳ እንተኾኑ፣ እዚ ግን ፍሉይ ዝገብሮ ነዚ ኣብ መንጎ መንግስቲ ኤርትራን ኢትዮጵያን ብሽፋን ሓባራዊ ምዕባሌ ዝኸይድ ዘሎ ልዑላውነት ሃገርና ዝግህስን፣

ነጻነት ሃገርና ዘፍርስን፣ ሰላሕታዊ ናይ ፖሊሲታት ወራር ዘተኮረ ምኧኑ ኣገናዕ ዝግብኦ ውሳኔ እዩ። ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንደሞክራስያዊ ለውጢ እዞም ፓስቶራት ዝገበርዎ ናይ ህዝቢ ሰላምን ፍቕርን ሓድነትን ጻውዒት ብሙትከል ክሰርሓሉ ዝጸንሐኳ እንተኾነ፣ ውሳኔታቶም ግን ቃልስና ከነበራትዕን ፍናንና ክልዕል ከምዝሕግዘናን ክንገልጸሎምንፈቱ።

ዓወት ንህዝቢ ኤርትራ!

ፍትሒይንገስ፣ ምልኪ ይልገስ!

ኤርትራ ብነጻነታ ተኸቢራ ትንበር!

ምምሕዳር ኤህባደለ ዘባ ሰሜን ኣሜሪካ

[encdcna2018@gmail.com](mailto:encdcna2018@gmail.com)